Nyköping

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ዝስዕብ መካነ መርበብ ክተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፤
www.demenscentrum.se

## ሰራሕተኛታት ጉጅለ ረሲዕነት ንዓኹም ኢልና ኢና ዘለና!

ሰራሕተኛታት ጉጅለ ረሲዕነት ኣብ ንኡስ-ዞባ ኒሾፒንግ ኣሎ። ሕማም ረሲዕነት ብዝምልከት፡ ምኽርን ደገፍን ብምሃብ ከም ሓበርቲ ኮይና ንሰርሕ።

ንዓኹም ሕማም ረሲዕነት ንዘለኩምን ሕማም ረሲዕነት ንዘለዎ ቤተሰብ ንዝኾንኩምን ንምድጋፍ ኢና ዘለና።

እዚ ጉጅለ ረሲዕነት ፍሉይ ኣፍልጦ ብዛዕባ ሕማም ረሲዕነት ዘለዎም ሰራሕተኛታት ዝሓቖፈ እዩ። ኣብ'ዛ ጉጅለ እንሰርሕ ኩላትና ምስጢር

## እዞም ሰራሕተኛታት ጉጅለ ረሲዕነት እንታይ ክህግዙኹም ይኽእሉ?

- ምኽርን ሓበሬታን ይህብኹም
- ናይ ዝርርብ ደገፍ ይዕድምኹምን ወይውን ኣብ ቤትኩም ይበጽሕኹም
- ኣብ ሓንቲ ጉጅለ ኮይንኩም ምስ ካልኦት ሰባት ንኽትራኸቡ ይዕድምኹም

## ብኣግኡ ዝወሃብ ደገፋት ዓይነታዊ ህይወት ይፈጥር።

እዚ ብኣግኡ ዝወሃብ ደገፋት ነቶም ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ሕማም ረሲዕነት ከም ዘለኩም ዝፈለጥኩምን ነቶም ቤተሰባትኩምን ዓቢ ረብሓ ከም ዘለዎ ንፈልጥ ኢና።
ገለ ካብ'ቶም እቲ ንኡስ-ዞባ(ኮሙን) ዝህቦም ዝተፈላለዩ ሓገዛት ከተመልክቱ ምስ ትደልዩ፡ ምስ ሓንቲ ኣብ'ቲ ንኡስ-ዞባ ትሰርሕ ኣካያዲት ጉዳያት(ሃንድሌጋረ) ንኽትራኸቡ ንሕግዘኩም።

## ሕማም ረሲዕነት እንታይ እዩ?

ረሲዕነት ነቶም ብዙሓት ዕዮታት ሓንጎል ብኣሉታ ክጸልዉ ዝኽእሉ ሕማማትን መጉዳእትን ዝገልጽ ሓባራዊ ስም እዩ።
ረሲዕነት ንቡር ምልክት እርጋን ኣይኮነን፡ ግን ኣብ እርጋን ዝያዳ ይርአ እዩ።
E-mail: resursteametdemens@nykoping.se